## ጭትን ውግእን ኣብ ዓለም፥ ምስ ህጻናት ብኸመይ ንዛራረብ

ኣብዚ ሕጂ እዋን ብዙሕ ግጭትን ውግእን ኣብ ዓለም ኣሎ። ዝውቱራት (ግኑናት) ዝኾና ማሕበራዊ መራኸቢታት ከም በዓል ኢንስታግራም፣ ቲክቶክ ኣብ ምውዕዋዕን ምዝርጋሕ ሓብሬታ ብዛዕባ ውግእን ወረ ውግእን ዓቢ ተራ ይጻወታ ኣለዋ። ኣብ ገጻት  እዘን ዝተጠቐሳ ማሕበራዊ መራኸቢታት፣ ሓቀኛን ዝተሰነዐን ኣሳእልን ቪድዮን ብ ብዝሒ ተዘርጊሑ ንረኽቦ። ንኣብነት ዝተቐትሉ ወይ ውን ዝቖሰሉ ሰባት ዘርእዩ ቪድዮታት ኣሎ።

ከም ዝፍለጥ ህጻናትን መናእሰያትን ዝዓበዩ ተጠቀምቲ ናይዘን መራኸቢ ብዝሓን ኢዮም። ብእኡ መንጽር ድማ ልዕሌና ዓበይቲ ብዙሕ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘሎ ብዙሕ ግጭትን ውግእን ይረኽቡ። ኣብ ገዛ ድማ ነዚ  ክውንነት (ምስ ግጭትን ውግእን ተኣሳሲሮም ዝኸዱ ስምዒታት) ተረዲኡ ዝኣልዮምን ዝሕብሕቦም ዓብዪ ሰብ የድልዮም።

ምስ ነኣሽቱ ደቅና ብኸመይ ንዘራረብን ማዕዳ ንልግሰሎምን ብዝምልከት ዝተፈላለያ ግዱሳት ትካላትን ውድባትን ኣብ መርበብ ሓበሬታተን ዘርጊሐን ይርከባ። ንኣብነት: ኣብዘን ዝሰዕባ መርበባት ሓበሬታት ብምጥዋቕ ኣቲና ከነንብ ብ ንኽእል።

- [Hvordan snakke med barna om konflikt og krig - FNs regionale informasjonskontor - Norwegian (unric.org)]
- [Når nyhetene skremmer barna (forskning.no)]